# ቃለ መሓትት
# ምስ
# ኤርትራ ኣልኣዛር፡
# ኣደ መንበር ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰ.ህ.ኤ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 22.-6.2009

*"ብእምነትና ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ስርርዕ እትርከብ ጓለ ኣንስተይቲ ንግደን ተሳታፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ከተሓይል ትቃለስ እንተድኣ ኣልያ፡ ብዕላማ ምሳና ምስተን ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ዘራኽባ ዕማም ተጸምዳ ከምዘላ ኢና እንርእያ። እቲ ዓወታ ዓወትና እዩ። እቲ ዓወትና ውን ዓወታ ክትቆጽሮ ኣድላይ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ናይ ነፍሲ ወከፍና ጻዕሪ ጥራይ እዩ ነተን ውድባትን ሰልፍታትን ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ሓፈሻዊ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ክቕይር ዝኽእል"* ኤርትራ ኣልኣዛር

**እዚ ዝስዕብ ቃለ መጠይቕ ብዕለት 21/06/2009 ብኣባል ጋንታ ንሓርነት ምስ ኤርትራ ኣልኣዛር ኣባል ሰክረታርያን ሓላፊት ዓንከል ጉዳይት ደቂ ኣንስትዮን እተኻየደ እዩ።**

**<u>ንሓርነት</u>፡ ቃለ መጠይቕ ንምክያድ ምቕራብኪ እናመስገንኩ ሕጽር ዝበለ መግለጺ ብዛዕባኺ ዶ ከተቕርብልና ምኽኣልኪ?**

ስመይ ኤርትራ ኣልኣዛር ይበሃል። ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊደ፡ ብ1986 ከኣ ወላዲተይ ንዓይን ንኣሕዋተይን ካብ ከተማ ኣስመራ ሒዛትና ድሕሪ ምውጽኣ ንጀርመን ክንኣቱ ዕድል ረኺብና። ብንእስነተይ እቲ ዝፈትዎን ዘኽብሮን ወላድየይ ስድርኡ ገዲፉ ኣብ ቃልሲ ምስታፉ ይገርመኒ ነይሩ እዩ። ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ካብ ውራይ ስድርኡ ንላዕሊ ክብረት ይህቦ ምንባሩ ግን ረኺበ ከዕልሎ ምስ ከኣልኩ'የ ፈሊጠ። ድሕሪ እቲ ኩሉ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ዝገበሮ ቃልሲ ግን ነጻ ኤርትራ ነቲ እተቓለሰላ ህዝቢ ከተዕግብ ዘይምብቅዓ ንወላድየይ ብቐጻሊ ዘተሓሳስብ ነጥቢ እዩ። ህሉው ኩነታት ህዝቡ ስለ ዘተሓሳስቦን ዘሻቕሎን ከኣ ቅድም ምስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ሕጂ ድማ ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኮይኑ ቃልሱ ጌና ክቕጽል ይርከብ። እዚ ኣተሓሳስባን ተሞክሮን ወላድየይ ንፖለቲካዊ ዝምባለይ ኣብ ምምዕባል ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ብ1990 ከኣ ኣባል ተሓኤ ሰ/ባ ክኸውን ወሲነ ። ኣብ ተሓኤ ሰ/ባይቶን ምዕባለኡ ዝኾነ ሰልፊ ህዝብን ምስታፈይ ድማ ነቲ ኣቦይን ካልኦት ኤርትራውያን ኣቦታትን ኣደታትን እተቓልስሉ ዕላማ ኣብ'ቲ ዝደልይዎን እተመነይዎን ሸቶ ክበጽሕ ስለ ዘለዎ እዩ። ከምዚ ኢለ ቃልሰይ እናቐጸልኩ ኣብ'ቲ ብነሓሰ 2008 እተኻየደ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊት ዓንከል ጉዳይት ደቂ ኣንስትዮ ኮይነ ተመሪጸ።

**<u>ንሓርነት</u>፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ነሓሰ 2008 እተኻየደ መስራትን ቀዳማይን ጉብኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ፡ ብምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ዝፍለጥ ውዳበ**

## ክህሉ ወሲኑ፡ ከምዚ ዝመስል ውዳበ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ኤርትራ ክህሉ ንምንታይ ኣድለየ?

ምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓዲሽ ምዕራፍ ኣብ ቀልሲ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ሓርነታዊ ቃልሲ ብዓወት ተደምድሙ ነጻነት ምስ ተረኽበ ሃገርና ኣብ ሓዲሽ መድረኽ ኣትያ እያ። እቲ ሓዲሽ መድረኽ ድማ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ስርርዕ ዝሓትት'ዩ ነይሩ።ምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ታሪኻዊ ጠለብ ክምልስ ዝመጸ ፖለቲካዊ ስርርዕ እዩ። በዚ ምኽንያት ሰልፊ ህዝቢ ንጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ብሓዲሽ ምልክዕ ክርእዮ ሓደ ካብ መድረኻዊ ኣጀንድኡ እዩ።

ኣቲ ዘሕዝን ግን ደምበ ተቓውሞ ብደቂ ተባዕትዮ እተዓብለለ ፖለቲካዊ መድረኽ እዩ። ምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ውን ካብ'ዚ ድኽመት እዚ ነጻ ኣይነበረን።ኣቶም ኣብ ጉብኤ እተሳተፉ ተወከልቲ ድማ ነዚ ሕጽረት እዚ ከለልይዎ በቒዖም ነበሩ። በዚ ምኽንያት ንተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዘተባብዕ ኩሉ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ውሳኔታት ከመሓላልፉ ድሉዋት ነበሩ። ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ጓል ኣንስተይቲ ክትህሉ እተወሰነ፡ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ውሳነ ሰልፊ ከም ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ ስለ እተቆጽረ እዩ። ግን ጉባኤ ኣብ'ዚ ውሳኔ እዚ ጥራይ ተወሲኑ ኣይተረፈን ደቂ ኣንስትዮ ፖለቲካዊ ተሳትፍኦን ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብኡ ኣቢሉ ውን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣድማዒ ኣገባብ ክርአ እንተኾይኑ ብምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ዝፍለጥ ውዳበ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ውሳኔ ኣሕለፈ።

እዚ ውሳኔ እዚ እተን ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ድርብ መሰል ክረኽባ ዕድል ይህበን። ብቐዳምነት ከም ነፍሲ ወከፍ ኣባል መሰለን ሕሉው እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብመንገዲ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ተወዲበን ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምጽላው ግድኣን ክጻወታ ዕድል ኣለወን።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብመትከል ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ከምዝኣምን ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔታቱ ኣስፊርዎ ኣሎ። መብዛሕትአን ውድባት ኤርትራ ውን ኣብ ፕሮግራመን ከምኡ ዝመስል ዓንቀጽ ኣስፊረን ምህላወን ኩሉ ዝፈልጦ እዩ።እዚ ጥራይ ግን ኣኻሊ ኣይኮነን። ደቂ ኣንስትዮ ንጉዳየን ዝቃለሳሉ መንገድን ዕድልን ክረኽባ ኣለዎን። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ናብ'ዚ ዝያዳ መንገዲ ገጹ ክንዓዝ'ዩ መሪጹ። ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ እምበኣር ነዚ መንገድን ዕድልን እዚ ዝኸፍት ስርርዕ እዩ።

መሰል ደቂ ኣንስትዮ ብመትከል ምእማንን ብተግባር ምኽባሩን ሓደ ኣይኮነን። ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ብቃል ዝኣምኑ ግን ብተግባር ኣንጻሩ ዝሰርሑ ብዙሓት እዮም። ንባዕሉ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ብዛዕባ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ዝዛረብ ብተግባር ግን ዝግህስ ስርዓት እዩ። ንሓፈሻዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝግህስ ስርዓት ሓቀኛ ተጣባቒ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ክኸውን ኣይክእልን ኣዩ። ቅኑዕ ሰልፊ ወይ ስርዓት ብቐዳምነት ንሓፈሻዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዘኽብር ክኸውን የድልዮ። ድሕሪ እዚ ደቂ ኣንስትዮ ቃልሰን ዘሓይላሉ መንገድን ዕድልን ክኸፍት ይግብኦ። ነቲ መንገድን ዕድልን ተጠቒመን ቃልስታተን ከሕንና ዘለወን ግን ባዕለን ደቂ ኣንስትዮ ኣየን።

ፖለቲካ ኤርትራ ብደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ተዓብሊሉ ንዘልኣለም ክነብር የብሉን። ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጐኒ ኣሕዋተን ኮይነን ተቓሊሰን እየን። ይኹን እምበር እተን ሽዑ ዝነበራ ውድባት ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ሃገር ብንጥፈት ክሳተፋ ዘብቅዐን ምቹእ ኩነታት ኣይከፈታን። ንደቂ ኣንስትዮ ዝውክላ ማሕበራት ህሉዋት እኳ እንተነበራ ኣብ ፈጻሚ ይኹን ኣብ ሓጋጊ ኣካል እተን ውድባት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ውሱን እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ እንተተዓዚብና ጌና ካብ'ቲ ሕጽረት ኣይወጻእናን። ሰለዚ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣንጻር ምልክን ንሓፈሻዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራን እናተቓለሳ ነቲ ብደቂ ተባዕትዮ ተዓብሊሉ ዘሎ ፖለቲካዊ ገጽ ኤርትራ ንምቕያር ዘይሕለል ቃልሲ ክነካይድ ይግብኣና።ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ድማ ነዚ ዕማም እዚ ኣብ ምፍጻም ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ።

ምህላው ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር ነቲ ደኺሙ ዘሎ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ምብርባር ኣገዳሲ መስኖ ገርና ስለ እንርእዮ ኣድላይ ኮይኑ ይስምዓና።

**<u>ንሓርነት</u>፡ እዚ ብምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ዝፍለጥ ውዳበ ምስቲ ነጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ብዝብል ዝቖመ ውዳበታት ዝጋጫ ዶ ኣይመስለክን?**
ዘጋጩ ምኽንያት የብሉን። ሓንቲ ጋል ኣንስተይቲ ኣባል ምትእስሳር ንኽትከውን ብቐዳምነት ኣባል ሰልፊ ክትከውን ኣለዋ፡ ኣባል ሰልፊ ንኽትከውን ግን ግድን ኣባል ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ክትከውን ኣለዋ ማለት ኣይኮነን፡ ተሳትፍኣ ኣብ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ነጻ ድሌታ ዝተመርኮሰ ኢዩ። ሓንቲ ኣባል ሰልፊ ኣባል ምትእስሳር ይኹን ኣባል ነጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ክትከውንን ናታ ምርጫ ኢዩ። ኣባላት ሰልፊ ኣባላት ምትእስሳር ክኾና ነተባብዕ ምኽንያቱ ተሳትፎና ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ክህልዎ ብሓባር ክንቃለስ ከለና ብምዃኑ ኣዩ።ንኣባላት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ውን ኣባላት ነጻ ማሕበራት ክኾና ነተባብዕ ምኽንያቱ እቲ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝብን ወጻኢ ካብ ሰልፊን ዘሎ ቃልስታት እተነጻጸለ ገርና ስለ ዘይንርእዮ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ከም ደቂ ኣንስትዮ ክንተኣሳሰር ከለና ንዓቕምታት ሰልፊ ክንጥቀመሉ ዕድል ኣለና። ብሰልፍና ኣቢልና ውን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ድምጽና ከነስምዕ እንኽእለሉ መንገዲ ክንረክብ ንኽእል ኢና። ኣብ ውሳኔታት ሰልፍና ውን ድልየትን ረብሓን ደቂ ኣንስትዮ ክንጸባረቕ ክንቃለስ ንኽእል ኢና። ኣዚ ረብሓታት እዚ ምናልባት ኣብ ነጻ ውዳበ ኣይንረኽቦን ንኸውን።ይኹንእምበር ኣብ ነጻ ውዳበ ደቂ ኣንስትዮ ውን ስፍሕ ዝበለ መሰረታት ደቂ ኣንስትዮ ክንረክብ ንኽእል ንኸውን። ምኽንያቱ ኣብ ነጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዝሳተፋ ኣብ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ እተወደባን ዘይተወደባን ክኾና ስለ ዝኽእላ እዩ።

እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን ኣብ ነጻ ማሕበር ኣገዳሲ ተሞክሮ ዝቐሰመት ኣባልና ኣብ ሰልፍናን ኣብ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮን ኣገዳሲ ግደ ክትጻወት ትኽእል ምዃና እዩ። ኣብ ሰልፍናን ኣብ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮን ኣገዳሲ ተሞክሮ ዝቐሰመት ውን ኣብ ነጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ግደ ክትጻወት ስለ እትኽእል ነዚ ዝምድናታት እዚ ከም ተጋጫውን ዘይራኸብን ክንቆጽሮ ኣይንኽእልን ኢና።

**ንሓርነት፡ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከብ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ንቓልስታት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ክሕግዘን ኣዩ?**
ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዓቕምታተን ዘሓይል ስርርዕ እዩ። ዓቕምን ግደን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክምዕብል ከሎ ድማ ንሓፈሻዊ ቃልስታት ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ክህልዎ ኣዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ከምኣን ዝመስላ ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋተን ኣበይ ምህላወን ብዘየገድስ ብረብሓ ስለ ዝተኣሳሰራ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝረጋገጽ ዓወት ደቂ ኣንስትዮ ካብ ሓፈሻዊ ዓወት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ፈሊኻ ክትርእዮ ኣይግባእን።

ብእምነትና ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ስርርዕ እትርከብ ጓለ ኣንስተይቲ ንግደን ተሳታፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ከተሐይል ትቃለስ እንተድኣ ኣልያ፡ ብዕላማ ምሳና ምስተን ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ዘራኽባ ዕማም ተጸምዳ ከምዘላ ኢና እንርእያ። እቲ ዓወታ ዓወትና እዩ። እቲ ዓወትና ውን ዓወታ ክትቆጽሮ ኣድላይ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ናይ ነፍሲ ወከፍና ጻዕሪ ጥራይ እዩ ነተን ውድባትን ሰልፍታትን ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ሓፈሻዊ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ክቕይር ዝኽእል።

እዚ ብሓደ ሸንኽ ኮይኑ ብኻልእ ሸነኽ ውን ምትእሳስር ደቂ ኣንስትዮ ኣናሓይለ እንተኸይዱ ነቲ ሓፈሻዊ ጸገማት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምጽናዕን መፍትሕታት ኣብ ምእማትን ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ይኽእል እዩ።

እቲ ቀዳማይ ዕማምና እምበኣር ከመይ ተወዲብና ንህላወና ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ዘለዎ ንገብሮ እዩ። እዚ ዕማም እዚ ብዓወት እንተተሰላሲሉ ድሕሪኡ ነተን ኣብ እተፈላለየ ዓለምን ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ንርከበን ብኸመይ ክቃለሳ ንሕግዘን ዝብል ርሱን ኣርእስቲ ክኸውን እዩ። ኣዚ ክብል ከለኹ እቲ ቀዳማይ ከይተወድአ ናብ'ቲ ካልኣይ ኣይክነድህብን ኢና ማለተይ ኣይኮነን። እዚ ክልትኡ እተኣሳሰረ ነጻጺልካ ክርአ ዘይክእል ኣርእስትታት እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ህላወና እናኣዕዘዝና ክንከይድ ከለና ምስኡ ዝምድናና ምስ ኣብ ግዳም ዘለዎ ደቂ ኣንስትዮ እናሰፍሐ ክኸይድ እዩ። ምኽንያቱ ዕላማና ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ህዝቢ ምዕጻው ኣይኮነን። ዕላማና ምስ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ እናተራኸብካ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንምሰል ደቂ ኣንስትዮ ውን ብፍላይ ምቅላስ እዩ። ኣዚ ከኣ ዕላማና ጥራይ ዘይኮነ ዕላማ ነፍሲ ወከፍ ዲሞክራስያዊ ኣረኣእያ ዘለዋ ጓል ኣንስትይቲ ኤርትራ እዩ።

ክንቅይሮ ዘለና ነገር ህሉው እዩ። ነቲ ብደቂ ተባዕትዮ ተዓብሊሉ ዘሎ ፖለቲካ ኤርትራ ክንቅይሮ ኣለና። ደቂ ኣንስትዮ ፖለቲካዊ ተሳትፍኣን ክብ ክብል ኣለዎ እዚ ከኣ ሓደ ካብ ዕማምና እዩ። ግን ዕማምና ጥራይ ዘይኮነ ዕማም ኩለን ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ዕማም ኩሎም ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ብሓሳብን ብግብርን ዝቃለስሉ ዲሞክራስያውያን ደቂ ተባዕትዮ ውን እዩ።

**ንሓርነት፡ ኣብ ዘለናዮ ፖለቲካዊ ሃለዋት ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከመይ ምህላው ዶ ክትሕብርና ምኽኣልኪ?**

ድሕሪ ነጻነት ፡ እተን ቀዳሞት እተጠልማ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ እየን። ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ተሳቲፈን፡ ውጽኢት ቃለሰን ግን ኣብ ነጻ ኤርትራ ክንጸባረቕ ኣይከኣለን።እዚ ከኣ ከቢድ ሞራላዊ ውድቀት ኣስዒቡ እዩ።ሓፈሻዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝግህስ ስርዓት ኣብ ሃገርና ምስ ተተኽለ፡ ሕልሚ ደቂ ኣንስትዮ በኒኑ እዩ። ሓደ ህዝቢ መሰሉ ክግፈፍ ከሎ ብቐዳምነት ዝህሰያ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኣብ ኤርትራ፡ እተን ዝያዳ ጸገም ዝረኽባ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ምኳነን፡ ምስትውዓል ዘይጐደሎ ሰብ ከለልዮ ዘጸግም ኣይኮነን።እዚ ዝብለሉ ዘለኹ ምኽንያት ብዙሕ እዩ።

ብቐድማነት፡ ኣደታት ዝወለድኦም ደቀን ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተጸሚዶም ክርእያ ከልዋ ሕጉሳት የለዋን። ተቐሲቡ ኣብ ኣገልግሎት ዝኣተወ ውላደን ሃዲሙ ብዝብል ክቕጽዓ ከለዎ ሓዘነን ይዛይድ።እቲ ዝሃደመ ውላደን ኣበይ ኣትዩ እልካ ምሽቓል ከኣ ንባዕሉ ካልእ ዘየደቅስ ኩፍእ ሕልሚ እዩ።

ኣብ ኣገልግሎት ኣትየን ዘለዋ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ መጻኢ ዕድለን ይስበር ምህላው ካልእ ዘተሓሳብ ነጥቢ እዩ። ኣብ'ቲ መዓስከራት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ብሓለፍቲ እቲ ስርዓት ዝግበር ግፍዕታት፡ ካብ ዝኾነ ካላእ ፖለቲካዊ ክኢላ ንላዕሊ ንህሉው ስርዓት ክፈልጣን ከለልያን ኣብቅዕወን እዩ።በጀካ እዚ ግን ንህይወተን ዝሰርዓሉ ዕድመ ክሳብ ዝሓልፍን ዕድለን ክሳብ ዝስበርን ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ኣገልግሎት ይሕዘን ምህላው ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ።

መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ካብ ንእስነትካ ዘዕኑ ኣገልግሎት ሃዲመን ኣብ ቦታ ስደት ውን ኣይቀሰናን። ኣብ ሃገርካ ክብረት ምስ ሰኣንካ ኣብ ቦታ ስደት ክብረት ክትረክብ ዝከኣል ኣይኮነን። ስርዓት ህግድፍ ክብረተን ምስ ደፊሮ ጨኪነን ሃገር ገዲፈን ንዓዲ ባዕዲ ምስ ወጻ እዚ ዘይበሃል ፈተነ የጓንፈን ኣሎ። ብጀካ እቲ ኣብ ውሽጢ ስደት ዝርከብ ግፍዕታት፡ ኣብ ቀላይ ዝጠሓላ፡ ኣብ ምድረበዳ ዝተረፉ፡ ኣውያተን ከይተሰምዐ ዝጠፍኣ ቁጽረን ቀሊል ኣይኮነን።

ብሓጺሩ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ዘለናዮ እዋን ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኮነ ኩነታት ይነብራ ኣለዎ። እዚ ከኣ ዓዲ በጺሖም ዝመጹ ኣባላት ህግዲፍ ከይተረፉ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ንክትገልጾ ዘሸግር ንስቃይን መከራን ተሳጢሓን ከም ዘለዋ ምስጢር ኣይኮነን። ካብ ዘለዎኦ ሽግር ንክሃድማ ዝገብርኦ ፈተነ ድማ ግዳይ ናይቲ ጨካን ርህራሄ ዘይፈልጥ ስርዓት ይኾና ምህላወን ቅሉዕ'ዩ ዘሎ። ኣብ ንሓርነት ዶት ኮም 19/5/09 ተጻሒፉ ዘሎ፡ “ብ 9 ጉንበት 2009, ምሸት 9 ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ናብ ኢትዮጵያ ክሰግራ እንከለዋ ወተሃደራት ስርዓት ህግደፍ ተኹሲ ከፊተሙለን። ንጽባሒቱ ንግሆ ናይ ሰለስተ ኣብ'ቲ ተኹሲ ዝሞታ ኣስከሬን ብኣራዊት ተበሊዑ ካብ ቢንቶ መረብ ንወገን ምዕራብ ተረኺቡ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብዚ ከባቢ ናይ 4 መንእሰያት ኣስከሬን ብኣራዊት ከም ዝተበልዐ ዝዝከር'ዩ።” ዝብል ዜና ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

**ንሓርነት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ካብ'ዚ ገጥምወን ዘሎ ሽግር ንምውጻእ እንታይ ክገብራ ዘለወን ይመስለኪ?**

ካብ ህሉው ኣሸጋሪ ኩነታት ንምውጻእ ኩሉ ኤርትራዊ ብዝኽእሎ ዓቕሚ እጃሙ ከበርክት ይግብኦ። ለውጢ ብዘይተሳትፎ ኣይረጋግጽን እዩ።
ንህሉው ስርዓት ቀይርካ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ክዓዝዝ ይግብኦ።ምኽንያቱ ብህሉው ስርዓት ብቐዳምነት ዝሳቐያ ዘለዋ ኣሕዋትና ደቂ ኣንስትዮ እየን። ዝያዳ ስቓይ ከኣ ንዝያዳ ቃልሲ ዝዕድም ክኸውን ይግብኦ። ተስፋ ቆሪጽካ ተሳዒርካ ምንባር ንዘልኣለም ምስ ስቓይ ምንባር እዩ። እተን ብማዕዶ ነቲ ስቓይ ኣሕዋትና እንርእን እንሰምዕን ዘለና ውን ኣብ ነብስና ስለ ዘይበጽሓና ኣብ እንታይ ገደስኒ ዝብል ጨካን መንገዲ ክንኣቱ ኣይግባእን። ብዓቕምና ኩነታት ንምቕያርን ብጾትና ንምድጋፍን ክንቃለስ ይግብኣና። ህሉው ስርዓት ነባሪ ከምዘይ ኮነ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ግን ዕድምኡ ክነውሕ ከሎ ምስኡ ስቓይ ህዝብና ሰለ ዝነውሕ፣ ዕድመ ስቓይ ህዝብናን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራን ንምሕጽር፣ ንዕደመ ህሉው ስርዓት ምሕጻር ቃልስና ክነጥፍ ኣለዎ። ዕድመ ህሉው ስርዓት ኣብ ምሕጻር፣ እጃምና ክሕይል፣ ተሳትፎና ኣብ ደምበ ተቓውሞ ክብ ክብል ይግብኣ። መጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ መሰልን ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ ኣተኽብር ክትከውን ጽባሕ ዘይኮነ ሎሚ ኣብ'ቲ ኣንጻር ምልኪ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ኢና ክንሰርሕን ክንዳሎን ዘለና።

እዚ ብሓደ ሸነኽ ኮይኑ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ውን ንግደን ቦታን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ከነሓይሎ ክንቃለስ ዘለና ባዕልና ምኻንና ርዱእ ክኸውን ይግብኦ። ደምበ ተቓውሞ ብደቂ ተባዕትዮ እተዓብለለ ደምበ ኮይኑ እዩ። እዚ ክንልውጦ ዘለና ባዕልና ደቂ ኣንስትዮ ኢና።ሓቢርና ተኣሳስርና እንተድኣ ሰሪሕና ድምጽና ክስማዕ እዩ። ተሳትፎና ውን ክብ ክብል እዩ።

ንማለቱ ኣብ ኪዳን ንተዓዘብ ሓንቲ ጓለ ኣንስተይቲ ኣብ መሪሕነቱ የላን።ተሳትፎና እንተድኣ ደኺሙ ኣብ ከምዚ ዝመስል ትካላት ንህላወና ዝዝክሮ ውን ክርከብ ኣይክእልን እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ህልወና ትርጉም ክህሉዎ ድምጽና ክስማዕ ተሳትፎና ክዓዝዝ ኣለዎ።

ነቲ ስርዓት ብዝግባእ ዝፈለጥኦ ካብ ውሽጢ እቲ ስቅያት ዝወጻ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ። እዘን ብተግባር ክፍኣት ህሉው ስርዓት ዝፈለጣን እተማህራን ንህሉው ስርዓት ኣብ ምቅላዕን ኣብ ምቅላስን ቀዳሞት ክኾና ይግብአን። ምኽንያቱ ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ፍልጠተን ሕዘን ኣብ ምቅያር ህሉው ስርዓት እጃመን ከበርክታ ክተኣሳስራ ኣለወን።

ተሞክሮ ቃልሲ ዘለወን ብዕድመ ዝደፍኣ ደቂ ኣንስትዮ ውን ኣለዋ። ተሞክሮአን ሕዘን ክጠፍኣ ኣይግብአንን። ግደኣን ኣብዚ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ኣዕዚዘን ነተን ተሞክሮ ዝሓጽረን ኣብ ምምሃርን ምውዳብን እጃመን ከበርክታ ይግብአን።

ኩልና ዓዓቕምና ክንገብር ከለና ኢና ነቲ ኩነታት ክንቅይሮ እንኽእል። ኩልና እድና እጣሚርና እንተድኣ ክንቅመጥ መሪጽና ግን ግፍዕታት ህዝብና ብሓፈሻ ግፍዕታት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ዕድምኡ ክነውሕ እዩ።

<u>ንሓርነት፣</u> ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ እተደልዩ ኣሎ ዶ?

ንህልው ኩነታት ሃገርና ንምቕያር፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ኮይኑ ፍልልዩ ንድሕሪት ገዲፉ ብሐደ ክቃለስ ይግብኦ። እዚ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ዲሞክራሲን ዝግበር ዘሎ ውህደት ኣዝዩ ዘሐጉስን ተስፋ ዝህብን እዩ፣ ስለዚ ካልኦት ውድባን ሰልፍታትን ውን ኣሰሮም ክኽተሉ የተሓሳስብ።

ከምኡውን እዞም ሓደስቲ ዝስደዱ ዘለው እቲ ነዊሕን ኣሰቃይን ዝመጽዎ መገዲ ስደት፣ ካልኦት ይሕዋቶም መታን ከይመጽዎ ነዚ ዘሎ ጨካን ስርዓት ኣብ ምውዳቕ ግዲኦም ከበርክቱ የዘካክሮም። ኣብ ሳዋ ዝግበር ዘሎ ግፍዕን ካብኡ ክሃድሙ ኣብ መገዲ ዝሞቱ የሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ናይ ዓይኒ መሰካክር ኢኹም። ኣውያቶም ከተስምዑን ሽግሮም ከተዘንትውሎምን ንዓመጻኛ ስርዓት ኣብ ሕጊ ምቕራብ ኣብ ዝግበር ቃልሲ እጃምኩም ከተበርክቱ ንጹህ ደም ብጾትኩም ይሓተኩም ኣሎ። ምስ መን ክንቃለስ ውድባት በዚሔን ዝብል መመኽነይታ ቅቡል ኣይኮነን። እቶም ኣብ ቃልሲ ምሉእ ዕድሚኦም ዘሕለፉ ዘሎው ምንእኣስ ዘይኮነ ምስጋና እዩ ዝግብኦም። መንእሰይ እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ሃገር እዩ ስለዚ ኣብ ለውጢ ዓቢ ግደ ኣለኩም። ኣሰሮም ተኸቲልኩም ተቃለሱን ንዘሎ ጉድለታት ኣብ ምእራም እጃምኩም ኣበርክቱ። ተማጻዳቂ ምኽኛን ንብዓት ወለድን ንዝሓለፉ ብጾትኩምን ኣይድብስን እዩ።

ኣብ ስደት ዘለኽን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኤርትራዊት ወላዲት ኣዒንታ ኣባኻትክን እዩ ዝጥምት ዘሎ። ዝወለደቶም ደቃ ካብ ኢዳ ዝምንዝዑ ኣረሚን ከተናግፋኣ፡ ንብዓታ ክትደርዝ፡ ልባ ብዝተርፉ ደቃ ክድበስ፡ ኣብቲ እትዓግባሉ ሰልፊ ወይ ውድብ ተሰሊፍክን ኣውያት ወለድክን ኣስምዓ። ህዝብና ብጥመት ክሳቐ ከሎ ርኢና ከምዘይረኣና ሰሚዕና ከምዘይሰማዕና ስቕ ክንብል ኣይግብኣናን።

ንቃለስ ተቓሊስና ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ኣብ ምልጋስ ይኹን ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከብ ድኽመት ኣብ ምልዋጥ እጃምና ነበርክት።
የቐንየለይ